Deutsches Rotes Kreuz
SUCHDIENST

<u>ምስ ን ስድራ ቤት ማሊስካ ምርኻብ ሓቢሩ ዝኸድ ምኽሪ</u>

# ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ዳታ ሓለዋ

**ኣሰር ምድላይ። ምርካብ። ማሊስካ ምርኻብ።**
German Red Cross Tracing Service (ናይ ጀርመን ቀይሕ መስቀል ናይ DRK ኣሰር ምድላይ ኣገልግሎት ) ብሰንኪ ብረታዊ ጎንጺታት፣ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋ፣ ህድማ ምምዛባል ወይ ስደት ካብ ስድራ ቤቶምዝተፈላለዩ ሰባት ድጋፍ ዝህብ እዩ። ናይ ስድራ ቤት ኣባላት ኣሰር ብ ምድላይ፣ ማሊስካ ናብ ርክብ ምምላስን ስድራ ምራኽብን ዝሕግዝ እዩ፣

**ን ስራሕና እንታይ ዓይነ ት ዳታ ንደሊ?**
ን ሓደ ሰብ ምስ ኣባላት ስድራ ቤቱ ንኽራኸብ ኣብ ምሕጋዝ፣ ናይ DRK ኣሰር ምድላይ ኣገልግሎት ብዝተኻኣለ ማጠን እኹል ሓበሬታ ክረክብ ኣለዎ። እዚ ልዕሊ ኹሉ ናይ እቲ ኣብ ማሊስካ ምርኻብ ዝተሳተፈ ሰብ ከምሽማት፣ ዕለት ልደት፣ ናይ ማብቆል ዝርዝራትን ናይ ርክብ ዳታን ዝበሉ ሓፈሻዊ ሓበሬታታት እዩ። ኣብ ገለ ጉዳያት፣ ዝተፈለየ ውልቃዊ ሓበሬታታት ነቲ ከይዲ ቅደም ሰዓብ ኣድለይቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፣ ን ኣብነ ት፣ ናይ ስድራ(ኣቦ፣ ኣዶ፣ ውላድ) ናይ ምኳን ምርመራ፣ ነቲ ርክብ ንምርግጋጽ ወይ ናይ ጸገምጉዳያት ንምርዳእ ዝሕግዝ ኣብኣባል ናይ ስድራ ናይ ጥዕና ኩነ ት ዘሎ ሓበሬታ።

ኩሉ እዚ ሓበሬታ ኣብ ድልየ ታትኩምን ኽንስርሕ ዘድልየና ውልቃዊ ዳታ እዩ።

**ነዚ ዳታ ንምንታይ ዕላማኢና ኣብ ማስርሕ እነ እትዎ?**
እዚ ናይ ኣሰር ምድላይ ኣገልግሎት ውልቃዊ ዳታ ኣብ እዞም ዝስዕቡ ጉዳያት ይጥቀምእዩ፡

1. ን ዝጠፍኡ ሰባት ምድላይ
2. ሞጻኢ ዕድል ምጽራይ
3. ስድራ ቤታት ማሊስካ ምርኻብ

**እቲ ዳታ ን ሳልሳይ ወገናት ዝመሓላለፍ ድዩ ?**
ነዚ ውልቃዊ ዳታ ብ ጥቡቕ ምስጢራዊነ ት ኢና እንሕዞ። ከም ኣካል ስራሕና፣ ነቲ ዳታ ናብ ካልኦት ኣካላት ምምሕልላፍ ኣገዳሲ ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ን ኣብነ ት፣

- ኣብ መንጎ እቶምናይ ኣሰር ምድላይ ኣገልግሎት ሞርበብ ዘለዉ(International Committee of the Red Cross(ናይ ቀይሕ መስቀል ዓለምለኻዊ ኮሚቴ) ን ኣብ ካልኦት ዓዲታት ዝርከቡ ናይ ቀይሕ መስቀልን ቀይሕ ምንቅስቓሳት ሕበረተሰባት)
- ብሄራዊ ሰብ ሚዚታት(ን ኣብነ ት፣ ሰብ ሚዚታት ጉዳያት ስደት )
- ኣብ ወጻኢ ዓዲታት ዝርከቡ ናይ ጀርመን ተወከልቲ(ን ኣብነ ት፣ ኤምባሲታት ወይ ቆንስላታት)
- ኣብ ውሽጢሃገርን ኣብ ደገ ን ዝርከቡ ናይ ርዳእታ ትካላት

እዚ ን ኣብነ ት፣ ን ውልቃዊ ጉዳይኩምዝኾን ኣገዳሲ ድጋፍ ንምፍላይ ክበሃል እዋናዊ ናይ ቪዛ ክይዲ ቅደምሰዓብ ኩነ ታት ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ ምርካብ ክሕግዝ ይኽእል እዩ። እዚ ነ ቶምናይ ኣሰር ምድላይ ኣገልግሎት ስራሕትና ኣብ ምምላእ ኣድላዪ እንተኾይኑ ጥራሕ እዩ እቲ ዳታ ናብ ካልኦት ኣካላት ክመሓላለፍ ዝኽእል።

**ከሳብ ክንደይ ግዘ እና ዳታ ነ ቕምጥ?**
እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ናይ ዳታ ማስርሕ ዕላሚታት ኣብ ምምላእ ኣድላዪ ክሳብ ዝኾነ እቲ ዝሃብኩምና ዳታ ክቕመጥ እዩ።

**ኣብ እቲ ናይ ዳታ ኣተሓሕዛ ኣየኖት ሕጊታት እዮም ኣብ ተግባር ዝውዕሉ?**
ኩሉ ዝምልከቶ ሰብ ናይ ዳታ ሓለዋ መሰል ኣለዎ። ናይ DRK ኣሰር ምድላይ ኣገልግሎት ስራሕ ብ ናይ GRC Tracing Service ናይ ዳታ ሓለዋ ኣዋጅ (DRK-SDDSG) ዝመሓደር እዩ። ብ ተወሳኺ፣ ብ እቶም DS-GVO (ሓፈሻዊ ናይ ዳታ ሓለዋ መመሓደሪ ደንቢ)ን ብ ናይ BDSG(ጀርመን ፌደራል ናይ ዳታ ሓለዋ ኣዋጅ) ን ግዙእ ኢና።

ስራሕና ኣብ መንጎ እቶም ናይ ኣሰር ምድላይ ሞርበብ ውሽጢ ዝርከቡ ኣካላት ዳታኹም ክንለዋወጥ ኣድላዪ እንተኾይኑ፣ እቶም ኣብ እዚ ተሳተፍቲ ዝኾኑ ኣካላት ነቲ ልሙድ ናይ ዳታ ሓለዋ ድነ ብታት ክስዕቡ እዮም።

ዳታኹም ብ እቶም ኣብ እዚ ይኹን ኣብ ወጻኢ ብዘለዉ ናይ ሚበብ ተሓጋገዝቲና ግቡእ ሓለዋ ከምዝግበረሉ ክነ ረጋግጽ ንፈቱ።

**ን ውልቃዊ ዳታኹምሓለዋ ዝምልከት እንታይ ማሰል ኣለኩም?**
ብዛዕባ እቲ ምኣና ዝተቐማጠ ውልቃዊ ዳታኹምዝምልከት ነጻ ናይ ሓበሬታ ማሰል ኣለኩም፡ ብተወሳኺ፣ ነቲ ኣባና ዝተቐማጠ ትኽክል ዘይኮነ ዳታ ናይ ምጽራይ ማሰል ኣለኩም፡ ውልቃዊ ዳታኹም ምኣና ምቕማጡ ዘይተሰማምዑ እንተኾይንኩምክትሕብሩና ትኽእሉ ኢኹም፡ ንሕና ድማዳታኹምንኽጠፍእ ወይ ንኽእገድ ክነ ሜራሪ ኢና።

እቲ ን DRK ኣሰር ምድላይ ኣገልግሎት ዝተውሃበ ናይ ስምምዕ መግለጺ ብምሉኡ ወይ ክፋሉ ኣብ ዝኾነ ግዘ ምስራዝ ይከኣል እዩ።

**ንመን ክትረኽቡ ትኽእሉ( ዝምልከቶ ኣካል)?**
ብዛዕባ ናይ ዳታኹምኣብ ማስርሕ ምእታውወይ ብዛዕባ ናይ ሓበሬታ፣ ምጽራይ፣ ምጥፋእ ወይ ምእጋድ ማሰላትኩም ኣፈጻጽማዝምልከት ዝኾነ ዓይነት ሕቶ እንተሃልዩኩምምስ ኣብ እቲ ብዛዕባ ናይ ስድራ ቤትኩምሚኢስካ ምርኻብ ሕቶ ኣብዘቕረብኩምሉ ግዘ ዝረኸብኩውምDRK ኣሰር ምድላይ ኣገልግሎት ማእኸል ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፡

ናይ እቲ ድጋፍ ወሃቢ ማእኸል ማሕተምወይ ሽምፑ ኣድራሻን ስልኪ ቑጽሪን

ንምን ክትረኽቡ ከምዘለኩምዘይትፈልጡእንተኾይንኩም፣ ን DRK ኣሰር ምድላይ ኣገልግሎት ዋና ቢሮ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፡

Deutsches Rotes Kreuz

Generalsekretariat
Team 22/Suchdienst-Leitstelle
Carstennstraße 58
12205 Berlin
ስልኪ: +49 (0)30 / 8 54 04 -170
ኢ-ሜይል: datenschutz-suchdienst@drk.de

ናይ ኣሰር ምድላይ ኣገልግሎት ናይ ዳታ ሓለዋ ኦፊሰር በዚ ዝስዕብ ናይ ኢሜይል ኣድራሻ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፡